AKADEMISKA
SJUKHUSET

# ብመጥባሕታዊ መገዲ ምውላድ/ምሕራስ

ሓበሬታ





## ሕቶታት ምስ ዚህልዊኻ፡ ነዚኣቶም ተወከሰም፥

እቶም ሕቶታት ንምዝገባ ዲዮም ወይስ ንመጥባሕቲ ዕለት ዚምልከቱ ?
ደውል ናብ BB-avdelning 96 D/E — 018-611 56 93

እቲ ቅልውላው ሕርሲ ብሓቂ ጀሚሩ ዲዩ?
ናብ ክፍሊ ሕርሲ ደውል — 018-611 5700



ንተወሰኺ ንባብ ነቲ ገጽ ገንጽሎ!

REGION UPPSALA

## ብመጥባሕታዊ መገዲ ምውላድ/ምሕራስ
ዕላማና ነቲ መጥባሕታዊ ሕርሲ ብዚከኣል መጠን ኣወንታዊ ባህርይ ንምልባስ እዩ።

## ንምዝገባ ዚምልከት ምብጻሕ
ምሳኺ ብቑዕ ናይ መንነት ሰነድ ተማልኢ። ኣብኡ መሕረሲት/ተሓጋሓዚት ነርስ፡ ሓኪምን ናይ መደንዘዚ በዓል ሞያን ክትረኽቢ ኢኺ፡ ብዛዕባ መጥባሕታዊ ሕርሲ ድማ ኪገልጹልኪ ኢዮም። ናይ ምድላው ቁጽጽር ኪግበር እዩ። እቲ ምብጻሕ ምሉእ ቅድሚ-ቀትሪ ኪወስድ እዩ።

## ቅድሚ መጥባሕታዊ ሕርሲ

- እቲ እተዋህበኪ ዕለት መፈተንታ እዩ። ሓድሓደ ግዜ ነቲ ናይ መጥባሕቲ ዕለት ከነመሓላልፎ ንኽእል ኢና፣ ከምኡ ምስ ዘጋጥም ድማ ክንሕብረኪ ኢና።
- ሰሙን ቅድሚ መጥባሕቲ፡ ነቲ ናይ ብልዕትኺ ጸጕሪ ኣይትላጽዩዮ፡ ከመይሲ ከምኡ ምግባር ነቲ ናይ ረኽሲ ምህላው ዕድል ኪውስኽሉ ይኽእል እዩ።
- መጥባሕቲ ቅድሚ ምግባርኪ፡ ምሸት ኣካላትኪ ተሓጸቢ፡ ከምኡውን ንግሆ ኣብታ መዓልቲ መጥባሕቲ ተሓጸቢ፡ ኩሉ ግዜ ድማ ሳምና ተጠቐሚ። ሕምብርትኽን ሽምጥኽን ኣጽርዩዮ፡ ኣብኡ ከሎኺ ድማ ጸጕሪ ርእስኺ ተሓጸቢዮ።
- ነቲ ናይ ጽፍሪ-ኢድ ቀለም ኣልግስዮ፡ ስልማት ኣየድልን።
- ምስ ተሓጸብኪ ነቲ ክዳን ኣጽርዩዮ፡ ሓድሽ ኣንሶላ ድማ ተጠቐሚ።
- ክትጾሚ ይግባእ፡ ማለት ቅድሚ መጥባሕቲ ካብ ፍርቂ ለይቲ ንደሓር ኣይትብልዒ ወይ ትምባኾ ኣይተዘውትሪ። ኣስታት ክልተ ሰዓታት ቅድሚ እቲ ኣብ ሆስፒታል እትርከብሉ ናይ መጥባሕቲ ግዜ፡ ማይ ወይ ካልእ ጽሩይ ነገራት ክትሰትዪ ትኽእሊ ኢኺ።
- ኣብቲ ናይ መጥባሕቲ ንግሆ መዓልቲ፡ ክፍልታት ክትልውጢ ከሎኺ፡ ናይ ደገፍ ካልሲ ግበሪ። እዚ ድማ ኣብቲ ግዜ ሕክምና፡ ምርጋእ ደም ንምክልኻል እዩ ዘገልግል።

## መጸምድቲ/ዘመድ
እቲ ኣብቲ ክፍሊ መወልዳን ዚሓድር መጸምድቲ/ዘመድ፡ ብመኽፈሊ ካርድ ገይሩ ኣብ መዓልቲ 450 ክሩነር ይኸፍል። በዚ ክፍሊት'ዚ ድማ ቁርስን ምሳሕን ድራር ከምኡውን ናይ ምሸት ቡን/ጠዓሞት ይውሃቦ።

- ናይ መጸምድቲ/ዘመድ ክዳውንቲ እውን ጠርንፊ። ቸርነራ ዘለዎ ካምቻ/ነቲ ናይ ህጻን ናይ ኣካል ምስ ኣካል ምልግጋብ ዚሕግዝ ካምቻ።
- ብምኽንያት ኮቪድ-19 ኣብቲ ኣብ ክፍሊ መወልዳን እትጸንሑሉ ግዜ፡ ፍሪጅ ወይ ማይክሮኦቭ ክንቅርብ ተኽእሎ የብልናን።

## መዓልቲ መጥባሕቲ
ገለ መዓልታት ቅድሚ መጥባሕቲ፡ በቲ ናይ መጥባሕቲ ኣወሃሃዲ ክፍሊ ኪድወለልኩም እዩ። ። ሽዑ እቲ እትርከቡሉ መዓልትን ናበይ ከም እትኸዱን ኪሕበረኩም እዩ።

ናብቲ መጥባሕቲ ኣወሃሃዲ ዝሓበረኩም ናይ ደቀንስትዮ ክሊኒክ መእተዊ 95-96 ከምኡውን ደርቢ እንቋዕ ብደሓን መጸእኩም። ምስ ተራኸብና ነቲ ክፍሊ-ቤት ከነርእየኩም ኢና። እቲ መጥባሕታዊ ሕርሲ ብመሰረት ሕክምናዊ ምልክታት እዩ ቀዳምነት ዚውሃቦ።

ኣብቲ ግዜ መጥባሕቲ ህጹጽ ኩነት ምስ ዚፍጠር፡ እዚ ቀዳምነት ኪወሃቦ እዩ፡ እቲ መጥባሕቲ ድማ ንደሓር ግዜ ኪመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ክፍሊ ሕክምና ከምዚ ዚስዕብ ይካየድ፥

- ልሙድ ምቍጽጻር
- ምእታው ፈሳሲ ነገር
- ቅድሚ መጥባሕቲ፡ መዐገሲ ቃንዛን ኣንቲባዮቲክን ይውሃብ

ኣብ ግዜ መጥባሕቲ፥

- ኢንተርነት ኮነክሽን ዘይብሉ ካመራ/ሞባይል ምሓዝ ይከኣል።
- መጻምድቲ/ዘመድ ኣበየናይ ክዳውንቶም ከም ዚቕይሩ ይሕበሩ።
- መደንዘዚ ብበዓል ሞያ ይውሃብ።
- ናይ ሽንቲ ቱቦ በታ መሕረሲት ይኣቱ።.
- ቅድሚ መጥባሕቲ ምክያድ፡ ኣብቲ ክፍሊ መጥባሕቲ ነቶም ቀስቀስቲ ቃንዛ (smärtstimulii)፡ ግብረመልሲ ትህቦም ምኺንካ ንምፍላጥ፡ ጥንቁቕ ቁጽጽር ይግበር።
- እቲ መጥባሕቲ ካብ 20-40 ደቓይቕ ይወስድ። ቅድሚ ሕጂ ናይ ከብዲ መጥባሕቲ ጌርኪ እንተ ኔርኪ ብምኽንያት ናይ ምልግጋብ ኩነታት ዝነውሐ ግዜ ኪወስድ ይኽእል።

## ሓባራዊ ክንክን

ዕላማና ኣብተን ድሕረ-መጥባሕታዊ ሕርሲ ዘለዋ መዓልታት፡ ምስ መጻምድትን/ዘመድን ኬንና ነቲ ዕሸልን ነታ ኣደን ሓባራዊ ክንክን ምሃብ እዩ። እቲ ሓባራዊ ክንክን ኣብቲ ክፍሊ መሕወዪ ኢዩ ዚካየድ።

**ናይ ሓባራዊ ክንክን መምዘኒ ዚግበር፡ ኣብቲ ግዜ ወሊድ ኣብ ኣደን ዕሸልን ዘይተሓሰበ ነገራት ተፈጺሙ ከይከውን ንምርግጋጽ እዩ።** እቲ ናይ ሓባራዊ ክንክን መምዘኒ ምስ ዘይማላእ፡ እቲ ዕሸል ኣብቲ ክፍሊ መወልዳን በቲ መጻምድቲ/ዘመድ ብናይ ልግበት (ሕቝፈት) ኣገባብ ይእለ። ንስኻ/ንስኺ ኣብቲ ክፍሊ መሕወዪ ቍጽጽር ኪግበረልካ/ኪ እዩ።

## ድሕሪ መጥባሕታዊ ሕርሲ

ደሓን ምስ ዚስመዓኪ ናይ ኣእጋርኪ ምንቅስቓስ ድማ ናብ ልሙድ ኪልወጥ ምስ ጀመረ፡ ናብቲ ክፍሊ መወልዳን ክትምለሲ ትኽእሊ ኢኺ። ብዛዕባ ናይ ምንቅስቓስ ኩነታት ምሕሳብ ኣገዳሲ እዩ፡ ከምኡውን ብእተኻእለ መጠን ካብ ዓራት ክትትንስኢ ፈትኒ። ድሕሪ ገለ ሰዓታት ፈኲስ ነገራት ምስታይን ምብላዕን ትኽእሊ ኢኺ።

## ዕረፍቲ ካብ ቃንዛ

ነቲ ህጻን ብጽቡቕ ንምሓዝን ነቲ ንምሕዋይ ዘቀላጥፍ **ምንቅስቓስኪ** ንምቅላልን፡ ከምኡውን እቲ መተሓላለፊ ሽንቲ ንኸይረክስ ብማለት ነቲ ኣብ **መተሓላለፊ ሽንቲ ዘሎ ቱቦ ቀልጢፍካ ንምውጻእን** (ኣስታት 8 ሰዓታት ድሕሪ መጥባሕቲ)፡ ናይ ቃንዛ መዐገሲ ምውሰድ ኣገዳሲ እዩ። ብመገዲ ናይቲ VAS-መምዘኒ፡ ነቲ ናይ ቃንዛኺ ብርታዕ፡ ማለት ካብ 0 ክሳዕ 10፡ ነቲ ቅድምን ድሕርን መዐገሲ ቃንዛ ምውሳድኪ ዘሎኪ ቃንዛ ክትግምግምዮ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ቃንዛ ንምዕጋስ ዚወሃብ መሰረታዊ ከኒና፡ ካልእ ምስቲ ናይ ሰብ ውልቃዊ ኩነታት ዚኸይድ ዝያዳ ናይ ቃንዛ መከላኸሊ መድሃኒት እውን ኣብታ መጀመርያ መዓልቲ ኪወሃበኪ እዩ።

## ናብ ገዛ ምምላስ

ብድሕርዚ' በቲ ሓኪም ካብ ሆስፒታል ክትሰናበቲ ኢኺ፡ ሽዑ ድማ ብዛዕባ'ቲ መጥባሕትን ከምኡውን ሕቶታት እንተሎኪ ብዛዕባ ካልእ ነገራትን ክትመያየጢ ተኽእሎ ኣሎኪ። እንተ ደኣ ኣደን ህጻንን ጽቡቕ ጥዕና ተሰሚዑዎም፡ ድሕሪ መጥባሕታዊ ሕርሲ ንኣስታት ክልተ መዓልቲ ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕ ይከኣል እዩ።፡



**1177**

ኣብ ወብሳይት 1177.se ንጥዕናኺ ዚምልከት ሓበሬታን ኣገልግሎትን ትረኽቢ። ንሕክምናዊ ምኽሪ ናብ 1177 ደውሊ፡ ለይትን መዓልትን ክፉት እዩ።



**ንኣካደሚስካ ርኸቢዮም**

ንኣካደሚስካ ሆስፒታል በዚ መገድ'ዚ ትረኽቢዮም፡ patientkontakt@akademiska.se ናይ ሕሙም መራኸቢ 018-611 30 33, Växel: 018-611 00 00 www.akademiska.se |